# ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ
## ማቴዎስ 5- 7

*ብዙሕ ሕዝቢ ምስ ረአየ፡ ናብ እምባ ደየበ፣ ምስ ተቐመጠ ድማ፡ ደቂ መዛምርቱ ናብኡ ቀረቡ፡ ከምዚ እናበለ ድማ ኪምህሮም ጀመረ፡*

*ብመንፈስ ድኻታት ዝኾኑ፡ መንግሥቲ ሰማያት ናታቶም ኢያ እሞ፡ ብፁዓን ኢዮም...፡"* *(ማቴ 5፡ 1 - 3)*

እዚ ክፍሊ ምዕራፍ 5 ብግዕዝ *"በእንተ ብፁዓን"* ኪጽዋዕ እንከሎ፡ ምዕ. 5ን 6ን 7ን ጐ. ኢየሱስ ኣብ እምባ ደዩቡ ስለዝተዛረቦ ብሓፈሻ ብእንግሊዝ "Sermon of the Mountain" ይጽዋዕ። እቲ ዝነውሐ ቃላት ኣብ ሓደ ተጠርኒፉ ዝሓዘ መደረ ኢዩ።

ነዚ ምዕራፍ ቅድሚ ምጽናዕና፡ ቅድሚ ሎሚ ዝበልናዮ መሊስና ክንዝክሮ፡ ማቴዎስ ኪጽሕፍ እንከሎ ሓደ ውሱን መደብ ኣደራርባ ሒዙ ኢዩ ጽሒፉ፡ ስለዚ እቲ ምዕራፋት ዝተኣሳሰረ ኢዩ።

ምዕ. 1 - 2 መተኣታተውን ሕጻንነት ኢየሱስን ዝሓዘ ኢዩ፡

ምዕ. 3 ጐ. ኢየሱስ ብ6 ወርሒ ናብ ዚዓብዮ ዮሓንስ መጥምቕ ከይዱ ጥምቀት ንስሓ (ግ.ሓ. 19፡4) ይጥመቕን ብናይ መንፈስ ቅዱስ ኃይልን ቅብኣትን (ግ.ሓ. 10፡38) ተሓቲሙ ተልእኮኡ ኪጅምር እንከሎ ይነግረና።

ምዕ. 4 ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ በረኻ ወጺኡ፡ መደብ ተልእኮኡ ብከመይ ከምዚሠርዖ ("ካብ ኣፍ እግዚኣብሔር ብዝወጽእ ቃል..." (4፡4)፣ ብውድድር ወይ ተኣምራት ብምፍጻም ዘይኮነስ መስቀል ብምጽዋርን (4፡7)፣ ንኣምላኽ ስግደትን ኣኽብሮን ብምሃብን (4፡10) ኪፍጽሞ ከምዝመደበ) ይገልጸልና። ናብ ዕላማኡ ንምብጻሕ ሓገዝቲ ከምዜድልዩዎ

ተረዲኡዎ፡ ኢየሱስ ሓዋርያት ይመርጽ (4፡18-22) እሞ፡ እናመሃረን፡ እናሰበኸን ሕሙማት እናሕወየን ሥርሑ ይፍጽም።

ኣብ ዚቕጽል ምዕራፋት ኢየሱስ ዝመሃሮ ትምህርቲ፡ ዜስምዖን ብሥርስትን፡ ዝፈጸሞ ተኣምራትን እናተንተነ ይኸይድ።

ወንጌል ማቴዎስ ኣብ 3 ክፋላት ክንከፋፍሎ ንኽእል፡

1. መእተዊ (ምዕ. 1 -2)

2. ግሁድ ተልእኮኡ (ምዕ. 3 - 25)

3. ሕማማትን ትንሣኤን፡ ዕርገትን (ምዕ. 26 - 28)

እቲ 2ይ ክፋል መሊስና ኣብ ሓሙስተ ንኡስ ክፍሊታት ክንመቓቕሎ ንኽእል፡ ሓሙሽቲኡ ድማ ሓደ ትምህርቲ ኢየሱስ ዝሓዘ ኢዩ። "ነዚ ነገር (ቃል) ምስ ወደአ..." ወይ ከምኡ ዚመስል ቃል ምስ በለ ናብ ካልእ ንኡስ ክፋል ይሓልፍ ከምዘሎ ክንርዳእ ንኽእል። ስለዝስ ማቴዎስ ወንጌል ኪጽሕፍ እንከሎ ቀንዲ ዕላማኡ ብዛዕባ ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ ምዝንታው ኢዩ፡ ድሕሪኡ ግን ካልኣይ ዕላማኡ እቲ ኢየሱስ ዘስሞዖ ትምህርቲ ምትሕልላፍ ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል።

ሕጂ ብፍላይ ነዚ "በእንተ ብፁዓን" ዚብል ቀዳማይ ትምህርቲ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ክንርኢ። ማቴዎስ ከምዚገልጾ እንተደኣ ኰይኑ፡ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ *"ብዙኅ ሕዝቢ ምስ ረኣየ"* ከም ናይ መላለዪ ትምህርቲ፡ (ሎሚ *"ናይ ኢየሱስ ማኒፈስቶ"* ምተባህለ ነይሩ) ኣንፂሑ ዝተዛረቦ ይመስል፡ ሉቃስ ግን ኢየሱስ ብፍላይ ነቶም 12 ሓዋርያቱ ከምዝሃቦ ትምህርቲ ገይሩ ይገልጾ። ዚኸተሉዎ መን ምዃኑን ዕላማኡ እንታይ ምዃኑን ኬረድኦም ኢሉ ዝተዛረቦ ስለዚመስል "ናይ ተልእኮ ትምህርቲ" ኪጽዋዕ ይኽእል። በቲ ሓደ ወገን ድማ እዚ ትምህርቲ፡ ጐ. ኢየሱስ ዜምጽኦ

መሠረታዊ ብሥራት ስለዝሓዘ፡ "ናይ መንግሥቲ ብሥራት /ኣዋጅ/ መደብ/ጽማቖ"፡ ኢሎም እውን ይጽውዕዎ።

ናይ ማቴዎስን ሉቃስን ናይዚ ትምህርቲ ኣቀራርባ እንተናጻጸርናዮ፡

1. ናይ ማቴዎስ ኣጸቢቑ ከምዚነውሕ ንርዳእ (ናይ ማቴዎስ 107 ቍጽርታት፡ ናይ ሉቃስ 29)፤
2. ካብዚ 29 ቅጽሪታት ኣብ ክልቲኡ ድርሰታት ይርከብ፡

   34 ቍጽርታት ኣብ ካልእ እዋን ከምዝተዘርበ የቕርቦ፡

   34 ኣብ ማቴዎስ ዚርከብ ኣብ ሉቃስ ብፍጹም የሎን።

ስለዚ ሊቃውንቲ ነዚ ፍልልይ ኪምርምሩ እንከለዉ፡ ብርግጽ ኢየሱስ ሓደ ዓቢይ መደረ ኣብ እምባ ከምዝገበረ ያምንሉ፡ እንተኾነ ከምቲ ማቴዎስ ኣንዊሑ ዘቕረቦ ዘይኮነስ፡ ካብኡ ዝሓጸረ ኪኸውን ኣለዎ፣ እቲ ዝተረፈ ክፋል ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ዝተዛረቦ ኢዩ፡ ይብሉ። ነዚ ዜብሎም ድማ፡ ቅድሚ ኵሉ ምስ ኣቀራርባ ሉቃስ ኼነጻጽርዎ እንከለዉ ዚረኽብዎ ፍልሊ ኢዩ፤

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ማቴ | 5፡ 13 | - | ሉቃ | 14፡ 34-35 |
| ማቴ | 5፡ 15 | - | ሉቃ | 8፡ 16 |
| ማቴ | 5፡ 18 | - | ሉቃ | 16፡ 17 |
| ማቴ | 7፡ 1-5 | - | ሉቃ | 6፡ 37-42 |
| ማቴ | 7፡ 7-12 | - | ሉቃ | 11፡ 9-13 |

ኣብ ርእሲኡ ኣብ ማቴዎስ ዚርከብ ሓድሓደ ዓረፍተ ነገር ምስቲ ቅድሚኡን ድሕሪኡን ዘሎ መተኣሳሰሪ ዘይብሉ ስለዚመስል ኢዩ።